# ሲምበግዊረ

Rukia Nantale
Benjamin Mitchley
Daniel Berhane Habte
tigrinska
nivå 5

(utan bilder)

ሲምበግዊረ ኣዲኣ ምስሞተት፡ ኣዝያ ሓዘነት። ኣቦ ሲምበግዊረ ንኣሉ ክከናኸን ኲሉ ዝከኣሎ ገበረ። ቀስ ብቐስ፡ ብዘይ ኣደ ሲምበግዊረ፡ ከምቀደሞም ናብራኦም ብሓጐስ ክመርሑ ጀመሩ። ንግሆ ንግሆ ኮፍ ኢሎም ብዛዕባ እታ መዓልቲ መደቦም ይሰርዑ። ምሸት ምሸት ብሓደ ይድረሩ። ኣቑሑ ምስሓጸጸቡ ኣቦ ሲምበግዊረ ዕዮ ገዝኣ ኣብ ምስራሕ ይሕግዛ።

ሓደ መዓልቲ ኣቦ ሲምበግዊረ ዘይከም ልማዱ ደንጉዩ መጸ። “ኣበይ ኣለኺ’ዛ ኃለይ?” ኢሉ ጸውዓ። ሲምበግዊረ ናብ ኣቦኣ ጐየየት። ኣቦኣ ናይ ሓንቲ ሰበይቲ ኢድ ሒዙ ከምዝነበረ ምስረኣየት ድርኽ ኢላ ደው በለት። “ሓንቲ ፍልይቲ ጋሻ ከላልየኪ ደልየ ኣለኹ ‘ዛ ኃለይ። እዚኣ ኣኒታ ትብሃል፡” በለ ፍሽኽ እናበለ።

“ሰላም ሲምበግዊረ፡ ኣቦኺ ብዛዕባኺ ብዙሕ እዩ ዝነግረኒ፡” በለት ኣኒታ። ግና ፍሽኽ ኣይበለትን ናይታ ቈልዓ ኢድ’ውን ኣይተንከፈትን። ኣቦ ሲምበግዊረ ተሓጒሱን ተረቢጹን ነበረ። ሰለስቲኦም ብሓባር ክነብሩ ምኳኖምን ሂወቶም ሕጉስ ክኸውን ምኳኑን ተዛረበ። “እዛ ጓለይ፡ ንኣኒታ ከም ኣዴኺ ክትቅበልያ ተስፋ እገብር፡” ድማ በለ።

ሂወት ሲምበግዊረ ተለወጠ። ንግሆ ንግሆ ምስ ኣቦኣ ኮፍ ኢላ ትዘራረቦ ዝነበረት ተረፈ። ኣኒታ ኣድካሚ ስራሕ ገዛ ከተስርሓ ስለእትውዕል ምሸት ምሸት ዕዮ ገዝኣ ክትሰርሕ ኣይትኽእልን። ድሕሪ ድራር ብቐጥታ ናብ ድቃስ ክትከይድ ጀመረት። እታ ሓንቲ መጸናንዒታ፡ እታ ኣዲኣ ዝሃበታ ሕብራዊት ኮቦርታ እያ ኔራ። ኣቦ ሲምበግዊረ ጓሉ ሕጉስቲ ከምዘይነበረት ከስተብህል ኣይክኣለን።

ድሕሪ ገለ ኣዋርሕ ኣቦ ሲምበግዊረ ንገለ እዋን ካብ ገዛ ኣርሒቑ ክገይሽ ከምዝኸዶ ነገረን። “ብስራሕ ክገይሽ ኢየ፡” “ግና ንሓድሕድክን ብጽቡቕ ተሳኒኽን ክትነብራ ከምዝኾንክን እተኣማመን እየ።” በለ። ናይ ሲምበግዊረ ገጻ ጸልመተ፡ ኣቦኣ ግና ኣየስተብሃለን። ኣኒታ ገለ'ኳ ኣይበለትን። ንሳ ውን እንተኾነት ሕጉስቲ ኣይነበረትን።

ንሲምበግዊረ ናብራ እናኸፍኣ ከደ። ስራሕ ገዛ እንተዘይወዲኣቶ ወይ ደኺመ ኢላ እንተኣጕረምሪማ ኣኒታ ትቕጥቕጣ። ኣብ ግዜ ድራር ድማ፡ ንሳ ዝበዝሐ በሊዓ ንሲምበግዊረ ቍሩብ ተረፍ መረፍ ትገድፈላ። ሲምበግዊረ ምሸት ምሸት፡ ነታ ናይ ኣዲኣ ኮበርታ ሓቝፋ እናበኸየት ትድቅስ።

ሓደ ንግሆ ሲምበግዊረ ካብ ድቃሳ ከይተንስአት ኣርፈደት። “ኣቲ ሰነፍ ቈልዓ!” ኢላ ኣኒታ ኣንጸርጸረትላ። ንሲምበግዊረ ካብ ዓራት ጐቲታ ኣውረደታ። እታ ምሒር እትፈትዋ ኮቦርታኣ ኣብ መስማር ተታሕዘት፡ ኣብ ክልተ ድማ ተቐደደት።

ሲምበግዊረ ብጣዕሚ ተናወጸት። ካብ ገዛ ሃዲማ ክትወጽእ ወሰነት። ነታ ዝተቐደደት ኮቦርታ ወሲዳ፡ ገለ መግቢ ቈጺራ ነቲ ገዛ ገደፈቶ። ኣቦኣ ዝኸደሉ መንገዲ ተኸተለት።

ምስ መሰየ፡ ኣብ ጥቓ ሓደ ሩባ ኣብ ዝነበረት ነዋሕ ገረብ ተሰቒላ ኣብቲ ጨናፍር ድማ መደቀሲ ሰርሐት። ክትድቅስ ከላ ከምዚ ኢላ ኣልቀሰት “ኣደይ ኣደይ ኣደይ ገዲፍክኒ። ገዲፍክኒ ኬድኪ ኣይተመለስክን ድማ። ኣቦይ ደጊም ኣየፍቅረንን እዩ። ኣደይ መዓስ ኢኺ ክትመጺ? ሓዲግክኒ ኬድኪ።”

ንጽባሒቱ ንግሆ ሲምበግዊረ ነታ ልኇሶ እንደገና ደገመታ። እተን ኣንስቲ ክዳውንተን ክሓጽባ ናብቲ ሩባ ምስወረዳ፡ ነታ እተሕዝን ቊዘማ ካብታ ነዋሕ ገረብ ክትመጽእ ሰምዓኣ። ንፋስ ነቲ ኣቑጽልቲ ኣንቀሳቒሱ ሸውሸው ዘብሎ ዝነበረ መሲልወን፡ ሱኞ ኢለን ስርሐን ቀጸላ። ሓንቲ ካብተን ኣንስቲ ግና ጽን ኢላ ነታ ልኇሶ ሰምዓታ።

እዛ ሰበይቲ ናብታ ገረብ ንላዕሊ ጠመተት። ነታ ቈልዓን ነቲ ዝተቐደደ ኮቦርታን ምስረኣየት፡ “ሲምበግዊረ፡ ጓል ሓወይ!” ኢላ በኸየት። እተን ካልኦት ኣንስቲ ምሕጻብ ክዳውተን ገዲፈን ንሲምበግዊረ ካብታ ገረብ ክትወርድ ሓገዝኣ። ኣሞኣ ነዛ ንእሽቶ ቈልዓ ሓቑፈታ፡ ከተጸናንዓ ድማ ፈተነት።

ኣሞ ሲምበግዊረ ናብ ገዝኣ ወሰደታ። ንሲምበግዊረ ምዉቕ መግቢ ሃበታ፡ በታ ናይ ኣዲኣ ኮቦርታ ጌራ ድማ ኣብ ዓራት ከደነታ። እታ ምሸት ሲምበግዊረ ክትድቅስ ከላ በኸየት። እንተኾነ ግና ናይ እፎይታ ንብዓይ እዩ ዝነበረ። ኣሞኣ ክትከናኸና ምኟና ትፈልጥ እያ።

ኣቦ ሲምበግዊረ ገዛ ምስተመልሰ፡ ክፍላ ጥርሑ ጸንሖ። “እንታይ ኣጋጢሙ ኣኒታ?” ክብል ብስንባደን ጓሂን ሓተተ። እታ ሰበይቲ፡ ሲምበግዊረ ከምዝሃደመት ነገረቶ። “ከተኽብረኒ ደልየያ፡” “ግና ምናልባት ኣዝየ ተሪረያ እኸውን እየ።” ድማ በለቶ። ኣቦ ሲምበግዊረ ገዛ ገዲፉ ናብቲ ሩባ ገጹ ከደ። ንሲምበግዊረ ርእያታ እንተኾነት ክሓታ ናብ ዓዲ እንዳ ሓፍቱ ቀጸለ።

ሲምበግዊረ ምስ ደቂ ኣሞኣ እናተጻወተት ከላ ኣቦኣ ናብኣ ገጹ ክመጽእ ካብ ርሑቕ ርኣየቶ። ሓሪቑ ከይከውን ፈርሐት፡ ስለዚ ንኽትሕባእ ናብቲ ገዛ ኣተወት። ኣቦኣ ግና ናብኣ ቀረበ፡ ከምዚ ድማ በላ፡ “ሲምበግዊረ፡ እታ ዝበለጸት ኣደ ረኺብኪ ኣለኺ። ሓንቲ ተፍቅረክን ትርደኣልክን። ብኣኺ እኹርዕ እየ አፍቅረኪ ድማ እየ።” ብድሕሪኡ፡ ሲምበግዊረ ክሳብ ዝደለየቶ ግዜ ምስ ኣሞኣ ክትቅመጥ ተሰማምዑ።

ኣቦኣ መዓልታዊ ይበጽሓ ነበረ። ኣብ መወዳእታኡ፡ ምስ ኣኒታ መጸ። ኣኒታ ንሲምበግዊረ ብኢዳ ሒዛ፡ እናበኸየት፡ “ይቕረ በልለይ ‘ዛ ጓለይ፡ ተጋግየ እየ፡ ሓንቲ ዕድል ሃብኒ በጃኺ?” በለታ። ሲምበግዊረ ናብ ኣቦኣን እቲ ዝተሻቐለ ገጹን ረኣየት። ሽዑ ቀስ ኢላ ናብኣ ገጻ ቀረበት ሕቝፍ ድማ ኣበለታ።

ኣብታ ዝሰዓበት ሰሙን፡ ኣኒታ ንሲምበግዊረ፡ ምስ ደቀ’ሞኣን ኣሞኣን ናብቲ ገዛ ንምሳሕ ዓደመተን። ከመይ ዝበለ ድግስ’ዩ! ኣኒታ ኵሉ እቲ ሲምበግዊረ እትፈትዎ መግብታት ኣዳልያ ነበረት፡ ኵላቶም ድማ ክሳብ ዝጸግቡ በልዑ። ሽዑ እቶም ቈልዑ ተጻወቱ እቶም ዓበይቲ ድማ ኣዕለሉ። ሲምበግዊረ ሓጐስን ትብዓትን ተሰምዓ። ምስ ኣቦኣን ሰይተ-ቦኣን ክትነብር ብቕልጡፍ ከይደንጐየት ናብ ገዝኣ ክትከይድ ወሰነት።

# Sagor för barn på svenska

berattelser.se

## ሲምበግዊረ

Skriven av: Rukia Nantale
Illustrerad av: Benjamin Mitchley
Översatt av: Daniel Berhane Habte

Denna saga kommer från African Storybook (africanstorybook.org) och vidarebefordras av Sagor för barn på svenska (https://berattelser.se/), som erbjuder sagor på månge språk som talas i Sverige.

Detta verk är licensierat under en Creative Commons
Erkännande 3.0 Internasjonal Lisens.